# ውሕስነት ባዕልኻ

## እብተወሓደ ንክልተ ሰሙን ኣብ ገዛ እንታይ ክህሉው ይግባእ፧

ልክዕ ከም ናይ 14 መዓልቲ ካምፒንግ (ኣብ በረኻ ምጽናሕ) ኣብ ገዛኻ ወጥን:

- **ማይ**: **ክልተ ሊትሮ ፈሳሲ** ንሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ከዝን
- **ምግቢ**: ዘይባላሾ ኣስቤዛ ከም ኣብ ጥርሙዝ ዝተኽዘነ (ኣሕምልቲን ፍሩታን)፡ እኽሊ፡ ጥረምረ፡ ፓስታ፡ ሩዝ፡ ግረሲኒ፡ ሽኮር፡ ዘይባላሾ ጸባ
- **ጥረ ገንዘብ፡** (እንተወሓደ ዕጽፊ ናይ ሰሙን ናይ ኣስቤዛ መዐደጊ ብሽሩፍ መልክዕን ሳናቲምን ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጥ!)
- **መድሃኒት**: ናይ ገዛ ፋርማሲን ናይ ውልቂ ናይ ሂወት ኣገደስቲ መድሃኒታት (ንኣብነት፡ ኢንሱሊን)
- **ቀዳማይ ረዲኤት ሳጹን**
- **ናይ ጽሬት ነገራት**
- **ሽምዓ፡ ክርቢት**
- **ናውቲ ራድዮ** (ባተሪ ወይ ናይ ሶላር ነገራት) ወይ ኣናሎግ ራድዮ
- **ቅያር ባተሪ**
- **ናይ በረኻ መኽሸኒ፡ መጉሃሪ ሓዊ**
- **ነዳዲ መኪና ምሉእ ምግባር**
- **እንስሳ ዘቤት ምስ ዝህልው ድማ ምሉእ ስንቂ** (ማይ፡ ቀለብ)
- መውዓዪ ገዛ ብሓዊ ወይ ካሚን ምስ ዝኸውን **ዕንጸይቲ** መደቀሲ ኽሻ፡ ኮበርታን ምውቕ ክዳውንትን

**ኣብ ዕጹው ገዛ ሓዊ ኣይትእጎዱ! ባርዕ ሓውን ዒግታ ትክን ከጋጥሙ ስለዝኽእሉ!**

# ተወሰኽቲ ሓበሬታ

## ሓበሬታ ብዛዕባ መንበሪ ቦታ

ብኽብረትኩም ናብ ማሕበር ከባቢኹም ወይ ምምሕዳር ትርከብዎ ከተማ ብምኻድ ብዛዕባ ናይቲ ቦታኹም ውጥን ሓበሬታ ቅሰሙ።

ተወሰኽቲ ሓበሬታ ብዛዕባ ክንክን ሓደጋ/ዕንወት ከምኡ ድማ ጥንቃቐ ዝምልከቱ ኣብዚ መርበብ ኢንተርነት ትረኽቡ

- ናይ ክልል ምብራቕ ሆልሽታይን www.kreis-oh.de/katastrophenschutz,
- ናይ ኣውራጃ ሽለስቪግ ሆልስሽታይን www.schleswig-holstein.de/katastrophenschutz ከምኡ ድማ
- ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ውሕስነትን ናይ ሓደጋ ሓገዝን Bundesamtes für Bevölkerungsschutz und Katastrophenhilfe (BBK) ኣብ www.bbk.bund.de

**ኣድራሻ**
ኣሕታሚ: ክልል ምብራቕ
ሆልሽታይን ጨንፈር ውሕስነትን
ስርዓትን (Kreis Ostholstein
Fachdienst Sicherheit und
Ordnung)
Lübecker Straße 41
23701 Eutin

ስእሊ ኣርእስቲ: pixabay.com
ግራፊክ: ክልል ምብራቕ ሆልሽታይን, ክልል ረክሊንሃውዘን
ሕታም: 12/2022

Kreis Ostholstein




# ብላክ ኣውት

## መብራህቲ ምስ ዝጠፍእ እንታይ ትገብር፧

*ምኽሪ ኣብ እትገብሮ መስርሕ ከምኡ ድማ ትወስዶ ጥንቃቐ*

*ክንክን ሓደጋ*

# ብላክ ኣውት

# መጠንቀቕታን ሓበሬታን

# ናይ ሓደጋ ነጥብታት ሓበሬታ

## ብላኽ ኣውት እንታይ ማለት እዩ፧

ብላኽ ኣውት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኩነታት፡ ንንውሕ ዝበለ እዋን ዝበዝሐ እዋን ኣብ መላእ ኣውራጃ ወይ ክልል ዘጋጥም ናይ መብራህቲ፡ ትሕተቅርጺ ወይ ቀረብ ኣገልግሎት ምቁራጽ እዩ። ናይ ከባብያዊ ምቁራጽ መብዝሕትኡ እዋን ድሕሪ ቅሩብ ሰዓታት ክስተኻኸሉ ይኽእሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ክንእዩ ዝኸደ ምቁራጽ ግን መዓልትታት ዝወስድ መስርሕ እዩ። ካብዚ ወጻኢ'ውን ሓጺር ናይ ተክኒክ ጸገማት (10-15 ደቓይቕ) ናይ ምቁራጽ መብራህቲ ክጥቀስ ይከኣል።

## ብላክ ኣውት ከም ዘጋጥመ ብኸመይ ክፈልጥ ይኽእል፧

ምቁራጽ መብራህቲ ኣብ ገዛይ ጥራይ ድዩ ወይስ ኣብ ከባብየይ'ውን (ጎረባብቲ፡ መብራህቲ ጽርግያ)፧ ተሌፎን፡ ራድዮን ኢንተርነትን ይሰርሕ'ዶ ኣሎ፧ ምፍላጥ።

## ናይ መጠንቀቕታ መስርሕ ንህዝቢ

ብሞባይል „MoWaS": ሓበሬታን መጠንቀቕታን በዚ መገዲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ናብ ዝተፈላለያ ኣፓት (ንኣብነት NINA) ክስደዱ ይኽእሉ።

## ብኸመይ / ኣበይ እዋናውያን ሓበሬታ ክረክብ ይኽእል፧

- NINA-ናይ መጠንቀቕታ ኣፕ
  (*ምባይል ተሌፎናት ይሰርሓ ክሳብ ዝሃለዋ*)
- Cell Broadcast ዝተባህለ ኣብ ፈተነ ይርከብ
  (*ምባይል ተሌፎናት ይሰርሓ ክሳብ ዝሃለዋ*)
- ራድዮ (ባተሪ ወይ ሶላር ዝሰርሓ)
- ራድዮ ማኪና
- ብማክሮፎን እንዳዞርካ ዝግበር ሓበሬታ
- ምምሕዳርን ካልኦት ናይ ከተማ ቤት ጽሕፈትን ዝልጠፍ
- እዋናውያን ዝዕደሉ ወረቓቕቲ/ ፍላየር

## መብራህቲ ኣብ ከባቢኹም የሎን ክበሃል እንከሎ እንታይ ማለት እዩ፧



**ዝስተ ማይ ኣይኮነን**
ምግቢ፡ ሕጽቦ፡ ሽቓቕ



**መብራህቲ የለን**
ካብ መንበቢ ኣምፑል ክሳብ ናይ ጎደና መብራህቲ



**መዝሓሊ የለን**
ፍሪጅ፡ ተላጃ ናይ ገዛን ዱኳንን



**ናይ ገንዘብ ምንቅስቓስ የለን**
ናይ ገንዘብ ማሺን፡ ካሳ፡ ባንክ ምትሕልላፍ፡ እንዳ ነዳዲ



**መረኻቢታት የለን**
ሞባይል፡ ተሌፎን፡ ኢንተርነት ቲቪ፡ ናይ ሓደጋ ደወል



**ዕድጊ የለን**
ኣስቤዛ፡ መስተ፡ ሱፐርማርኬት ናይ ኣቕሑ ምንቅስቓስ



**መውዓዪ የለን**
ናይ ገዛን ትካልን



**መድሃኒት የለን**
ናይ ሓደጋ ፈውሲ፡ ሕሙማት

**ካብ ምርባሽ ወጊድ ኢልካ ብዕቱብ ሓሲብካ ምኻድ!**

## ናይ ሓደጋ ነጥብታት ሓበሬታ ኣብ ምብራቕ ሆልሽታይን

ብኽብረትኩም ብዛዕባ ናይ ሓደጋ ነጥብታት ሓበሬታ ዝርከቦ ቦታ ኣብ ናይ ቦታኹም ማሕበር ወይ ምምሕዳር ኬድኩም ተወከሱ።




**ናይ ሕደጋ ነጥብታት ሓበሬታ ዝርከቦ:**

- ናይ ሓደጋ ዝምልከቶ ቦታ/
  ናይ ሓደጋ ደወል
  (ቅያር ናይ 112/110)
- እዋናዊ ምምሕዳራዊ ሓበሬታ
  ብዛዕባ መላእ ኩነታት

ብኽብረትኩም **ካብ ሕጂ ጀሚርኩም/ ቀጻሊ** ኣብተን መርበብ ኢንተርነት ናይ ከባቢኹም ምምሕዳር ኣየኖት ናይ **ሓደጋ ነጥብታት ሓበሬታ፡** ሓበሬታ፡ ዝኸይድ መስርሕን ጠቓምቲ ምዕዶን ከም ዘሎ ተኸታተሉ ኢኹም።
**ነዚ ዝምልከት ወትሩ ርጡብ ምክትታል ኣዘውትሩ**

ክልል ምብራቕ ሆልሽታይን ከምኡ ድማ ዝምልከቶም ትካላት ምምሕዳር ፡ ቤት ጽሕፈታትን ማሕበራትን ምድላዋት ይገብሩ ኣለው። ስለዚ ንምጥፋእ መብራህቲ ዝምልከት ሓበሬታ ንኣብነት ኣብ ገጽ ናይ BBK ኬድኩም ሓበሬታ ቅሰሙ።
(https://www.bbk.bund.de/DE/Warnung-Vorsorge/Tipps-Notsituationen/Stromausfall/stromausfall_node.html)
ወይ ድማ ኣብ ናይ ክልል ገጻት:
www.kreis-oh.de/katastrophenschutz